# ንድፊ ኣዋጅ

# ፖለቲካዊ ሰልፍታትን

# ፖለቲካዊ ውድባትን

# ምዕራፍ 2፡

## መሰላት፡ ግዴታታትን መሰረታውያን መትከላትን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ውድባትን

**ዓንቀጽ 3፡ መሰላት ፡-**

3.1 ብመሰረት እቶም ኣብ ቅዋም ዝተደንገጉ መሰላትን ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ መትከላትን ድንጋገታትን፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ኪምስርት ወይ እውን ብገዛእ ድልየቱ ንዝሓረዮ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ኪጽንበር ወይ ኪድግፍ መሰሉ ውሑስ ይኸውን።

3.2 ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ኣብ ፖለቲካዊ ህይወት ናይ'ዚ ሃገር ኪሳተፍ መሰል ይህልዎ።

3.3 ዝኾነ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ዕላማታቱ፡ ፖለቲካዊ ርእይቶኡ፡ ፕሮግራሙን ንጥፈታቱን ንምግላጽ፡ ጋዜጣን ካልእ ብመሰረት ሕጊ ፕረስ ዝተፈቕዱ ናይ መራኸቢ ብዙሓን መሳለጥያታትን ከዘውትር ወይ ኪውንን መሰል ይህልዎ።

3.4 ዝኾነ ሰልፊ/ውድብ ፖለቲካዊ ንጥፈታቱ ንምክያድ (ምስልሳል) ህዝባዊ ቦታታት ኪጥቀም መሰል ኣለዎ፡

እንተርፎ (ብዘይካ) እዞም ዚስዕቡ ፡-

- ቀጽርታትን ህንጻታትን ትካላት ፍርዲ፣
- ቀጽርታትን ህንጻታትን ትካላት ሰራዊት፡ ጸጥታን ፖሊስን፣
- ቀጽርታትን ህንጻታትን ኣባያተ ጽሕፈት መንግስትን ምምሕዳራትን፣
- ቀጽርታትን ህንጻታትን ኣምልኾት (መሳጊድ፡ ኣብያተ-ክርስትያን ኣድባራትን ኩሎም ናይ ሃይማኖት መምሃሪ ቦታታትን)፣
- ቀጽርታትን ህንጻታትን ኣብያተ ትምህርቲ (ብዘይካ ዩኒቨርስታትን ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን)፣
- ቀጽርታትን ህንጻታትን ሆስፒታላትን ካልኦት ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ዚወሃበሉም ቦታታትን።

3.5 ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ዚውንኖም እሞ ንጥፈታቱ ዘካይደሎም ኣብያተ ጽሕፈትን ህንጻታትን ከምኡ'ውን ምስ ንግድን ወፍርን ዘይተ ኣሳስር ንብረት ካብ ኩሉ ዓይነት ግብርን ቀረጽን ናጻ ይኾኑ።

3.6 ህንጻታትን ኣብያተ ጽሕፈትን ከምኡ'ውን ሰነዳት፡ ርክባትን (ምል ናይ መራኸቢ መሳለጥ ያታትን ናይ ፖለተካዊ ሰልፊ/ውድብ፡ እንተ ብውሳኔ ወይ ፍቓድ ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ ኣይትርጎርን፡ ኣይም ርመ ኣይግዘትን፡ መሰል ብሕት ውናኡ'ውን ኣይትንከፍን።

**ዓንቀጽ 4፡ ግዴታታት ፡-**

ዝኾነ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ኪነጥፍ ዝተፈቕደሉ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ እዞም ዚስዕቡ ግዴታታት ይህልውዎ፡-

4.1 ንቅዋምን ካብኡ ዚምንጭዉ ካልኦት ሕግታትን ኪምእዘዝ፣

4.2 ዝውታረ ኩሉ ዓይነት ጉነጽን ናዕብን፡ ከም መሳርሒ (ኣገባብ) ና ፖለቲካዊ ስልጣን ንምብጻሕ ኰነ ስልጣን ንምግባት ነጺጉ፡ ብመሰር ሰላማዊ ምስግጋር (ምርኽኻብ) ስልጣን ኪቕየድ፣

4.3 ወተሃደራዊ ወይ ሓውሲ ወተሃደራዊ ስርዒታት ከየቕውም ወይ እወ ብግሁድ ኰነ ብስቱር ንምቛም ከይሕግዝ፣

4.4 ኣብ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ቋንቋ፡ ዘርኢ፡ ጾታ፡ ኣውራጃ ዝኣመሰሉ ከ ከፋፈልቲ ረቛሕቲ ዝተሰረተ ኣገባብ ኣወዳድባን ፖለቲካዊ ንጥፈታት ጉስጓስን ካብ ምዝውታር ኪቑጠብ፣

4.5 ኣወዳድባኡ ብሃገር ደረጃ ዝሰረት ኪኸውን፡ ኣባልነቱ ከኣ ኣብ ዝተ ጂኦግራፍያዊ ኣከባቢ ከይሓጽር፣

4.6 መጋበርያ ወይ ላቼባ ናይ ባዕዲ ፖለቲካዊ ሓይሊ ከይከውን።

**ዓንቀጽ 5፡ መሰረታውያን መትከላት ፡-**

ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት/ውድባት ነዞም ዚስዕቡ መትከላት ;

5.1 ንልኡላውነት ሃገርን ሓድነት ናይ ህዝባን ግዝኣተ መሬታን ምክልኻ

5.2 ብመሰርሕ ደሞክራስን ግዝኣተ ሕግን ምቕያድን ንዕኡ ንምዕማቑን ምስሳንን ምስራሕን፡

5.3 ጸጥታ፡ ሰላምን ርግኣትን (ቕራርን) ሃገር ንምዕቃብ ምቅላስ።

## ምዕራፍ 3፤

## ምስረታ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ

**ዓንቀጽ 6፥ መስረትቲ ናይ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ፧-**

ነዞም ዚስዕቡ ኩነታት ዘማላኡ ይኾኑ፧-

6.1 ዜግነቶም ኤርትራውያን፥ ዕድመኦም ድማ እንተዋሓደ 25 ዓመት ኰይኑ፣ ካብኦም ብሕጊ ዚጥለብ ኩሉ ሃገራዊ ግዴታ ዘማልኡ ኪኾኑ፣

6.2 ካብ ዝኾነ ከቢድ ገበን ሓራ ኪኾኑ፣

6.3 ብዝሓም ካብ 100 ዘይውሕድ ኪኸውን፣

6.4 ቀዋሚ መቓምጦ ናይ ብውሑዱ 85% ካብኣቶም ኣብ ኤርትራ ኰይኑ፥ መብዛሕትኦም እቶም ኣብ ኤርትራ ዚነብሩ ብውሑድ ናይ ኣርባዕተ (4) ዞባታት ተቐማጠ ኪኾኑ፣

6.5 ኣቃውማ (ሕንፋጸ) ናይ መስረትቲ ውህደትን ኤትኒካውን ሃይማኖታውን ብዙሕነትን ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንምንጽብራቕ፧-

ሀ. ብዉሑዱ 2/3 ካብኦም እንተወሓደ ካብ 5 ብሄራት ኪኾኑ፣

ለ. ብውሑዱ 1/3 ካብኦም ኣመንቲ ሃይማኖት ምስልምና ወይ ክርስትና ኪኾኑ ።

## ምዕራፍ 4፤

## ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ክማልኦም ዝግባእ ኩነታት

**ዓንቀጽ 7፥ ዝጥለብ ኩነታት፧-**

ዝኾነ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ነዞም ኩነታት ከማልእ ይግባእ፧-

7.1 ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ኤርትራ ኪኸውን፣

7.2 ጉባኤታቱ ኣብ /ኤርትራ ኪገብር፣

7.3 መትከላቱ፥ ዕላማታቱ፥ ፕሮ ግራሙ፥ ቅዋሙ፥ ውሽጣዊ ሕጋጋቱን መሪሕነቱን እዉጅን ብኣባላቱ ዝጸደቐን ኪኸውን፣

7.4 ካብ ካልኦት ፖለቲካዊ ሰልፍታት/ውድባት ብስም፥ ብኣርማን ብፕሮግራምን ኪፍለ፣

7.5 ኣብ ቅዋሙ፥ ፕሮግራሙ፥ ውሽጣዊ ሕጋጋቱን መሪሕነቱን ዝ ምስ ዚግበር ብኡ ንቡኡ ብጹሑፍ ንኮሚሽን ክፍልጥ።

**ዓንቀጽ 8፥ ኣባልነት ፧-**

ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ንምዃን ዚበቅዕ ሰብ፧-

8.1 ዜግነቱ ኤርትራዊ፣

8.2 ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ዘይውሕድ፣

8.3 ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ፖለቲካዊ መሰላቱ ዘይተገፈን፣

8.4 ኣብ ሓደ ግዜ ኣባል ናይ ካብ ሓደ ንልዕሊ ፖለቲካዊ ሰልፊ ዘይኮነን ይኸውን።

## ምዕራፍ 5፤

## ምዝገባን ፍቓድን

**ዓንቀጽ 9፥ ጠለብ ንምዝገባን ፍቓድን ፧-**

ኩሉ ክም ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ኪምዝገብን ንምንጣፍ ፍቓድ ! ዚደሊ ሰብ ናብ ዚምልከቶ ኣካል ዘቕርቦ ጠለብ በዞም ዚስዕብ ሰ ይኸውን፧-

9.1 ኣስማት፥ ክታም፥ ኣድራሻ፥ ስራሕ፥ ቁጽሪ መንነት፥ ብሄርን ሃ መስረትቲ ኣባላት ዚገልጽን ብዚምልከቶ ምምሕዳራዊ ኣካል ሰነድ፣

9.2 ናይ ቅዋሙ፥ ፕሮግራሙን ውሽጣዊ ሕጋጋቱን ሰነዳት፣

9.3 እቲ ጠለብ ቅቡል ምዃኑ መልሲ ካብ ዝረኸበሉ ዕለት ንደሓ ውሽጢ 90 ናይ ስራሕ መዓልታት ናይ 3000 ንምድማጽ መ ዜጋታት ናይ ደገፍ ክታም ዝሓዘ፥ ብዝምልከቶ ምምሕዳራዊ ዝተረጋገጸ ሰነድ ንምቕራብ ኪነጥፍ ግዝያዊ ፍቓድ ይወሃቦ፣

**ዓንቀጽ 10፥ ቕጥዕታት ምዝገባ ፧-**

10.1 ኣብ ዓንቀጽ 9 ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተጠቕሰ ጠለብ ዚቐርበሉ' ነቲ ጠለብ ኪመሚ፥ ኪምዝግብ ከምኡ'ውን ፍቓድ ኪህብ ወ ስልጣን ዘለዎ፥ እቲ ብመሰረት ዓንቀጽ 58 ናይ ቅዋም ዚም ምርጫ ይኸውን።

10.2 ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተጠቕሰ ኮሚሽን ቅጽታት መቕርብ ጠለብ የዳሉ፣ ኣብቶም ቅጽታት ንዘቕርበሉ ጠለብ ምዝገባ ድማ፡ ነቲ ጠለብ ካብ ዝተቐበለሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልታት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ መሚዩ ቅቡል ወይ ንጹግ ምዃኑ ብጽሑፍ ንጠላቢ ይምልስ።

10.3 እቲ ጠለብ ቅቡል ምዃኑ መልሲ ካብ ዝተረኸበሉ ዕለት ንደሓር፡ ጠላቢ ኣብ ውሽጢ 90 ናይ ስራሕ መዓልታት ናይ 3000 ንምድማጽ መሰል ዘለዎም ዜጋታት፡ ብዚምልከቶ ምምሕዳራዊ ኣካል ዝተረጋገጸ፡ ናይ ደገፍ ክታም ኣኪቡ ናብቲ ኮሚሽን ንምቕራብ ኪነጥፍ ግዚያዊ ፍቓድ ይወሃቦ።

10.4 ጠለብ ካብ ዘቕረበሉ ንደሓር ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልታት ካብ ኮሚሽን መልሲ ዘይረኸበ ጠላቢ ፡ ጠለቡ ከም ቅቡል ተሓሲቡ፡ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (3) ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተጠቕሰ ናይ ደገፍ ክታም ንምእካብ ኪነጥፍ ግዜያዊ ፍቃድ ከምዝረኸበ ይቑጸር።

## ዓንቀጽ 11፡ መስርሕ ምሃብ ፍቓድ ፡-

ኮሚሽን ንኩሎም ዝቐረቡሉ ሰነዳት፡ እንተላይ ነቲ ብንኡስ ዓንቀጽ (3) ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ዚሕተት ሰነድ፡ ብመሰረት መትከላትን ድንጋገታትን ናይዚ ኣዋጅ'ዚ መሚዩ፡ ነቲ ናይ ደገፍቲ ክታም ዝሓዘ ሰነድ ካብ ዝተቐበለሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልታት ንጠላቢ ፍቓድ ኪሀብ ይውስን። ነቲ ጠለብ ነጺጉ ፍቓድ ከይሀብ እንተወሰነ ከኣ፣ ምኽንያት መኸልከሊ ፍቃድ እንታይ ምዃኑ ብጹሑፍ ንጠላቢ የፍልጥ።

## ዓንቀጽ 12፡ ናይ ይግባይ መሰል ፡-

ንምምዝጋብ ይኹን ፍቓድ ምንጣፍ ንምርካብ ዝቐረበ ጠለብ ብኮሚሽን እንተድኣ ተነጺጉ'ሞ፡ ጠለብቲ በቲ ውሳነ ዘይዓጊቦም፡ ናብ ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ይግባይ ንምባል መሰሎም ሕልው ይኸውን።

# ምዕራፍ 6፡

# ምእዋጅ ምስረታ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ

## ዓንቀጽ 13፡ ሕጋዊ ሰበነት ፡-

ኪነጥፍ ብኮሚሽን ፍቓድ ዝረኸበ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ወግዓ ዝተወሃበሉ ዕለት ኣትሒዙ ሕጋዊ ሰብነት ይህልዎ።

## ዓንቀጽ 14 ምእዋጅ መሪሕነት ፡-

እቲ ዚቖውም ሰልፊ/ውድብ ብመሰረት ቅዋሙ ኣስማት መሪሕነ ስራሕን ሓላፍነትን ኣብ መንጐኦምን ይእውጅን ብጹሑፍ ንኮ የፍልጥን፣

## ዓንቀጽ 15፡ መቓምጠ መሪሕነት ፡-

ቀዋሚ መቓምጦ ናይ ላዕለዋይ መሪሕነት ናይ ዚቖውም ሰልፊ ኤርትራ ይኸውን።

# ምዕራፍ 7፡

# ምእጋድ ወይ ምፍራስ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድ

## ዓንቀጽ 16፡ ምእጋድ/ምፍራስ ፡-

ምእጋድ ኰነ ምፍራስ ናይ ሓደ ፍቓድ ዝተዋህበ ፖለቲካዊ ብምምሕዳራዊ ውሳነ ናይ ዝኾነ ይኹን ኣካል መንግስቲ ኣይ እንትርፎ፡-

16.1 ብውሳኔ ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ፣

16.2 ብድልየት ናይ ዝበዝሑ ኣባላቱ፣

16.3 ብውሳኔ ናይ ዝበዝሑ ኣባላቱ ኣብ ካልእ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ዐ ዚጽንበር፣

16.4 ኣብ ክልተ ተኸታተልቲ ምርጫታት ሃገራዊ ባይቶ በይኑ ወይ ምስ ካልኦት ብምልፋን ካብ ኣባላቱ ተወዳደርቲ ሕጹያት ከሰልፍ እንተዘይክኢሉ።

## ዓንቀጽ 17፡ ብይን ንእገዳ ወይ ምፍራስ ፡-

ሓደ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ንመትከላትን ድንጋገታትን ናይዚ ኣዋጅ'ዚ እተድኣ ግሂሱ፤

17.1 ጌጋታቱ ንምእራም ኮሚሽን ብጹሑፍ ናይ መጠንቀቕታ ስምዕታ ኪህቦ፣ ወይ እውን ክብደት ናይቲ በቲ ምግሃስ ዚስዕብ ሓደጋ መዚኑ እቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ንኪእገድ ወይ ንኪፈርስ ኪሓትትን ብመንገዲ ጠቕላሊ ኣቕባር ሕጊ ኣንጻሩ ክሲ ክምስርትን ይኽእል።

17.2 ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ ኣንጻር ሓደ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ዝቐረበሉ ክሲ ተመልኪቱ:-

ሀ. ነቲ ክሱስ ሓራ ዚገብር ብይን ኪህብ ይኽእል።

ለ. ንጥፈታት ናይ'ቲ ክሱስ ንምእጋድ ኪብይን ይኽእል። ወይ እውን

ሐ. ምግሃስ ናይ ዓንቀጽ 5 ናይዚ ሕጊ'ዚ ኣረጋጊጹ፤ ነቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ዘፍርስ ብይን ኪህብ ይኽእል።

# ምዕራፍ 8፡

# ምንጪ ገንዘብን ንብረትን ምሕደራኡን

## ዓንቀጽ18፡ ምንጪ ገንዘብን ንብረትን ፡-

ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ናይ ገንዘብን ንብረትን ምንጭታት እዞም ዚስዕቡ ጥራይ ይኾኑ፡-

18.1 ክፍሊትን ወፈያን ካብ ኣባላት፣

18.2 ወፈያ ካብ ኤርትራውያን ተደናገጽቲ፣

18.3 ብመንግስቲ ኪወሃብ ዝተወሰነ ሓገዝ እንተሃልዩ።

## ዓንቀጽ 19፡ ምሕደራ ገንዘብን ንብረትን ፡-

ኩሉ ገንዘብን ንብረትን ናይ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ህዝባዊ ን‹

ምሕደራኡ ከኣ ከምዚ ዚስዕብ ይኸውን፡-

19.1 ዝርዝር ናይ መበገሲ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ናይ ‹ ሰልፊ/ውድብ ንኮሚሽን ብጹሑፍ ይግለጽ፣

19.2 መዝግብቲ ሕሳብ ንብረትን ገንዘብን ናይ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ ንምትሕስሳብ ብዚምችእ ቅቡል ኣገባብ ይተሓዙ፣ ፍቓድ ብ‹ ብዝተመስከረ ኦዲተር በብዓመቱ ይምርመሩ፡ ቅዳሕ ናይ'ቲ ድማ ንኣድላዪ ምክትታልን ምቁጽጻርን ንኮሚሽን ይወሃብ።

19.3 ሓደ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ምስ ካልእ ሀሉው ፖለቲካዊ እንተድኣ ተጸንቢሩ፤ እቲ ዳሕረዋይ (ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብ ብምጽንባር ዝሓቐቐ ፖለቲካዊ ሰልፊ/ውድብንብረትን ገንዘብ‹ ግዴታታቱ ተሰካምን ይኸውን።

19.4 ሓደ ፖለተካዊ ሰልፊ/ውድብ ብውሳነ ኣባላቱ ወይ ብውሳነ ፍርዲ እንተፈሪሱ፡ ኩሉ ጥሪቱን ገንዘቡን ናብ ግምጃ ሃገር

## ምዕራፍ 9፣

## እተፈላለዩ ድንጋገታት

**ዓንቀጽ 20፣ ኣተረጓጉማ ፥-**

ኣብ ኣተራጓጉማ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ፍልልይ እንተኣጋጢሙ፣ ናይ መንፈሱን ቃላቱን ትርጉም ዚውስን ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ ጥራይ ይኸውን።

**ዓንቀጽ 21፣ ሕጋጋት ናይ ምውጻእ ስልጣን ፥-**

ኮሚሽን ንትግባረ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ዘገልግሉ ሕጋጋት ከውጽእ ይኽእል።

**ዓንቀጽ 22፣ ምምሕያሽ ፥-**

ምምሕያሽ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ሃገራዊ ባይቶ ስልጣን ጥራይ ይኸውን።

**ዓንቀጽ 23፣ ወግዓውነት ፥-**

እዚ ብትግርኛን ዓረብን ዝተሓትመ ኣዋጅ'ዚ ማዕረ ውግዓውነት ይህልዎ።

**ዓንቀጽ 24፣ ኣብ ግብሪ ዚውዕለሉ ፥-**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።